# 20 ሰነ መዓልቲ ስዉኣት

## ብስም ስዉእ ዝምድና

ሰብኣዊ መሰልና ምስተጋህሰ
መንነትና ምስ ተደምሰሰ
ንሜዳ ወሓዘ ዝዓበ ዝነኣሰ።

ውረድ ደይብ ከርፋሕ ናብራ
ተፋጠጥ ተሓናነቕ ምስ ገዛእቲ ኣምሓራ
ኣጥቂዑ ኣዝሊቑ ጌሩዎም ድራር ኣሞራ
ብዘስተንክር ጅንዓት ኤርትራ ገበራ ሓራ
መሲሉና ኔሩ ዝተገላገልና ካብ ሽላ ኣሞራ።

ነጻነት መጺኡ ኢለ ዓሊለ ተሓጊሰ
ንዝተሰዉኡ ዝሰንከሉ ንኹሎም ሞጊሰ
ፍረ ነጻነት ክርእያ ተሃንጥየ መሬት ከመሰ።

ከም ሲንጋፑር ክንገራ ኢና ኢሎሙና ከሀውቱቱና
ሕጊ ቅዋም ተግቢርና ከነረጋግጾ ኢና መሰልና
ክሰፍንዩ ዴሞክራሲ ኢሎሙና
ተጸበና ዝኸውን መሲሉና
ሽለው ድኣ በሉ ንገደል ሒዞሙና።

ክልቲኦም መንግስታት ብምስጢር ተሰማሚዖም
ንኸመሳምሱ ና ዶብ ኩናት ወሊዖም
ንኸህልቑ ህዝቦም ሰራዊቶም
ንኽሞቕሑ ነቶም ታሪኽ ዝፈልጡ ብጻቶም
መለኸቲ ክኾኑ ቢሒቶም ክገዝኡ ነዛ ንነብሶም
ንሓርበኛታት፣ ጀጀውቲ ክብሉ ሰማዕና ናይ ወያነዮ'ም
ክብሉ ሰማዕና ተንበርከኽቲ'ዮም
ክብሉ ሰማዕና ከሓድቲ'ዮም።

ፍትሒ ኣብ ከንዲ ዘስፋሕፍሕ
እስርቤት ናኹራ ዓዲኻላ የግፍሕ
ኣብያተ ትምህርቲ ኣብክንዲ ዘግፍሕ
መዓስከር ሳዋ የግፍሕ
ሽግር ሃገር ብዘተ'ምበር ብኸምዚ ነይፍታሕ።

ትሕቲ ህልዋት
ልዕሊ ምዉታት
ኣለዉና ናይ ሕልና እሱራት።

ሽግርኮ ኣበይ ኣሎኻ ናበይ ክትበጽሕ ደሊኻ
እምበር ኣይኮነን እንዳኾምሳዕካዮ ትነብር ከም ብዕሪር በረኻ።

30 ዓመት ንነጻነት ሓርነት ዝተጋደለ
ጠምዩኒ ከፊኡኒ ከይበለ
ሕድሪ ስዉኣት ይተግበር ስለዝበለ
ዘይፍትሓዊ ኩኣናት ኣካይዱ ከሓድቲ እንተበለ
ኣብ ነጻ ፍርድቤት ዘቀርቡ መንዩ ሓሳዊ ክልለ።

ስድራ ስዉኣት ተሸጊሮም
ሓልፋይ ዘይብሎም
ናባይ ሲኢኖም
ኣይተባህሉንድዮም ሰሙን ሰሙኡን በጊዕ ክንሓርደሎም
ካብ ኣንደበት መራሒኦም
ንስዉኣትሲ በጊዕ በዚሑዎም
ሓንጊሮም ዘብጹሑኻ ኣብ ኮሮሻ ምስደየካ ምጥላም።

ሕጂ ኸኣ ደበና ሓቂ ይነጉድ ኣሎ
ደበና ሓቂ ይሃምም ኣሎ
ደንበ መለኽቲ ኣብቂዑ ደንበ ውጹዓት'ዩ ዘሎ
ብቱንዝያ ዝጀመረ  ለውጢ ናብ ኤርትራ የንጃብብ ኣሎ
ውልቀ መላኺ ኢሰያስ ይሰሓግ ኣሎ
የዕለብጥ'ውን ኣሎ
መሸንቆቃ ይጸብብ ኣሎ
ጎዞም ሓቂ ኣብ ርእሲኡ'ዩ ዘሎ
ንሰብ ኢልካ ዝኾዓትካያ ጉድጋድ ባዕልኻ ኢኻ ትኣትዋ ንበሎ።

ሕድሪ ስዉእ ዘይደልዩ ከተግብሩ
20 ሰነ መጸት መዓልቲ ስዉእ እንዳበሉ ክምድሩ
ኤረ ክንደይ ይደፍሩ ፍጹም ዘይሕፍሩ
ዓመት መጸት ክንድዚ ዝግዕሩ።

ወዮ መራሒኦም ዝነበረ ኮይኑ ዓመጸኛ
ወዮ ብጻዮም ዝነበረ ኮይኑ ጉቦኛ
ሃገር ትሕመስ ኣላ ሰኣን ዳኛ።

ስዋኣት ንሓንቲ ክሊት ተንሲእኩም እንተትርእዩና
ካልኣይ ግዜ ንሓርነት ክንቃለስ እንከለና
እንታይኮን ምበልካ ጅግና
እንታይኮን ምበልኪ ጅግና
ምገረሞም መስደሞሞም ምበሉና ነዚ ዲና ተጋዲልና?

# **ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና!!!**